# ናይ ሓባር ዉፍይነት
# (Shared Commitments)

## ምሳኹም። ንዓኹም።
## (With you. For you.)

እቶም ናይ ሓባር ውዕላት ኣብ መንጎ እቶም ኣብ Alberta Health Services (ኣገልግሎት ጥዕና ኣልበርታ) ክንክን ዝረኽቡን ክንክን ዝህቡን ሰባት ድልዱልን ተኣማኒነት ዘለዎ ዝምድናን ሽርክነትን ብምህናጽ ተመኩሮ ክንክን ጥዕና ሕሙማት፣ ስድራቤታትን ወሃብቲ ክንክን ጥዕናን ንምምሕያሽ ዝዓለመ እዩ። እዚ ናይ ሓባር ቃል ኪዳን ምእንታኹም ሓቢርና ዝፈጠርናዮ እዩ።

## ብሓባር ንኽእል ኢና፦
## (Together we can:)

**መሻርኽቲ ኩኑ (Be Partners):-** ጥዕናኹም ብዝበለፀ ባዓልኹም ትፈልጥዎ ኢኹም። ኣብዚ ናይ ባዓልኹም ንዝሓረኹምዎ ደገፍቲ ሰባትን ከም መሻርኽቲ ኣብ ክንክን ጽቡቕ ኣቀባብላ ይግበረልኩም። ሕቶታት ብምሕታት፣ ዕላማታት ክንክን ጥዕናኹም ብምክፋል፣ ከምኡ'ውን ዝመረጽክምዎም ደገፍቲ ሰባት ብኽመይ ክሳተፉ ከም እትደልዩ ብምንጋር ከም ኣባል ናይቲ ናይ ክንክን ጉጅለ ምሉእ ብምሉእ ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ዙርያ ክንክንኩም እትገብርዎ ምርጫታት ነኽብሮም ኢና።

**ርህራሄን ምክብባርን ዘጠቓለለ (Embrace Compassion and Respect):-** ክንክን ጥዕና ዝሓሸ ዝኸውን ንሓድሕድና ብርህራሄን ብኽብርን ብትሕትናንን ክንከናኸን ከለና እዩ። ብኣኽብሮት ዘይተታሕዘኩም ወይ ድሌታትኩም ዘይተማልአ ኮይኑ እንተተሰሚዑኩም ኣፍልጡና። ርእይቶኹም ንምርዳእን ተመኩሮኹም ንምምሕያሽን ስጉምትታት ክንወስድ ኢና።

**ሓቖፍቲ ኩኑ (Be Inclusive):-** ዕላማና ንኹሉ ሰብ ዝቐበል ኩሉ ሰብ ውሑስ ዝኾነሉ፣ ዝኽበረሉን ተቐባልነት ዘለዎን ቦታታት ምቕራብ እዩ። እምነትኩም፣ ክብርታትኩም፣ ባህላዊ ኣሰራርሓኹምን ንዓኹም ዘገድሰኩምን ከተካፍሉ ከለኹም፣ ዝያዳ ንኹሉ ዝሓቑፍን ደጋፍን ክንክን ብሓባር ንቕርፆ።

**ምርድዳእ ምህናፅ (Build Understanding):-** ምሳኹም ክንዛረብ ከለና ንጹርን ግልጽን መገዲ ንኽተል፣ ስለዚ ናብ ተግባር ክትኣትዉ ትበረታትዑ ኢኹም። ክንሰምዕ ፣ ሕቶታት ክንሓተኩም፣ ሓበሬታ ጥዕናኹም ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ ድማ ከነረጋግጽ ኢና። ብዛዕባኹምን ጥዕናኹምን እንተፈሊጥና፣ ዘድልየኩም ሓበሬታን ክንክንን ክንህበኩም ንኽእል ኢና።

**ብሕታዊነትን ምስጢራዊነትን ኣኽብሩ (Honour Privacy and Confidentiality):-** ክንክን እናሃብና ብዛዕባኹም ፍሉይ ናይ ጥዕናን ውልቃውን ሓበሬታ ክንእክብ፣ ክንጥቀመሉን ከነካፍልን ኣለና። ሓበሬታኹም ብውሑስ መገዲ ክንሕዞን ንብሕታውነትኹም ክንድግፍን ኢና። ደገፍ ንኽህበኩም ክሕግዘኩም፣ ሓበሬታኹም ምስ መን ክካፈል ከም እትደልዩ ክትነግሩና ትኽእሉ ኢኹም።። ስእሊ ክትስእሉ ወይ ቅዳሕ ክትወስዱ  ምስ እትደልዩ ፍቓድ ብምርካብ ንብሕታዊነት ካልኦት ሕሙማትን ወሃብቲ ኣገልግሎትን እውን ክትድግፉ ትኽእሉ ኢኹም።

**ብዛዕባ ስክፍታታትኩም ተዛረቡ (Discuss Your Concerns):-** ኩሉ ሰብ ውሕስነት ክስምዖ፣ ክተባባዕ፣ ብዛዕባ ጽሬትን ድሕነትን ዝምልከት ስክፍታታት ክዛረብን ንሰርሕ። ኣብ ከይዲ ክንክንኩም ኣየናይ ሓጋዛይ ከምዝነበረን ብኸመይ ክንመሓየሽ ከም እንኽእልን ምሳና ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ምሳና ርእይቶ ንምክፋል ክፉትን እዋናውን መንገድታት ክንህበኩም ወሲና ኣለና።

**ውሑስን ልዑል ፅሬት ዘለዎ ክንክን ምትብባዕ (Promote Safe, High-Quality Care):-** ኣብ መርትዖታትን ብሉጻት ኣሰራርሓታትን ዝተመርኮሰ ውሑስን ልዑል ጽሬት ዘለዎን ክንክን ብምሃብ ንጥዕናኹምን ጽቡቕ ሂወትኩምን ድጋፍ ንገብር። ምሳኻትኩም ብምዃን ክትኽ      ተልዎ እትኽእሉ ውጥን ክንክን ክንፈጥር ኢና። ዝኾነ ነገር ዝጎደለ ኮይኑ እንተተሰሚዑኩም ኣፍልጡና።

**ደጋፊ ተበጻሕነት (Champion Access):-** ንኹሎም ኣልበርታውያን ብዘጠቓልለ ሃዋህውን ኣሰራርሓታትን ፍትሓዊ ተበጻሕነት ክንክን ጥዕና ንምሃብ ቃል ኣቲና ኣለና። ክንክን ናይ ምርካብ ዓቕምኹም ዝጸሉ ፍሉያት ብድሆታት እንተ ኣጋጢሞምኹም ብምሕባር፣ ንዓኹም ዘድግፉ ኣማራጺታት ክንድህስስ ንኽእል ኢና።

**ኣብዚ ንዓኻትኩም ንምግልጋል ኢና ዘለና (We're here for you)።** ብዛዕባ ክንክንኩም ርእይቶ ወይ ስክፍታታት እንተሃልዩኩም፣ ስክፍታታትኩም ንምፍታሕ ምሳኹም ክሰርሑ ምእንቲ፣ ብቐጥታ ምስ ጉጅለ ክንክንኩም ክትራኸቡ ንላቦ። ሕጂ'ውን ርእይቶ ወይ ስክፍታታት እንተሃልዩኩም፣ ንርክባት ሕሙማት ብ 1-855-550-2555 ብምድዋል ወይ ነቲ QR ኮድ ስካን ብምግባር ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ጥሪ 2024

*ዚያዳ ንምፍላጥ፦ ahs.ca/SharedCommitments*

Alberta Health Services
Shared Commitments